እናቴ ማና ግደይ ኢየን።
እተን መወዳእታ መብጽዓኣን ዝፈጸማ ሽዱሽተ ዕዉታት መንእሰያት ደናግል ከኣ ፦እናቴ ትዕግስቲ ተኸለማርያም፣ እናቴ ኣኽበረት ማሕረ፣ እናቴ ማና ጸጋይ፣ እናቴ ኣስቴር ሓጐስ፣እናቴ ኣበባ ሃይለ፣ እናቴ ሰላም ኣሚነ ኢየን። ንኢዮቤል ዘክበራ እንቛዕ ኣብቅዓክን ፣ንሓደስቲ ከኣ ፍርያም ተልእኮ ስብከተ ወንጌል ይግበረልክን ንብል።

## መግለጺ ሓዳስ መጽሓፍ

ቃል- ኪዳን ኣብ ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስትያን፣ ትርጉሙን ግድላቱን ኣፈታትሕኡን፡ እትብል ኣብ ትምህርተ መለኮትን ምሥራቓዊ ሕገ ቆኖናን ተመስሪታ ዝተሰናደወት፣ እንታይነት ምስጢረ ተኽሊልን ጸገማቱን ኣፈታትሕኡን እትገልጽ ኣገዳሲት መጽሓፍ፣ ብኣባ ኃይለ ተስፋማርያም ዘማኅበረ ልኡካን (ላዛሪስት) ተሰናድያ፣ ብኃልዮት ማኅበር ልኡካን ተሓቲማ ንንባብ በቂዓ ምህላዋ ይፍለጥ። ብዕለት 30 መስከረም 2017 ዓ.ም ድሕሪ ቀትሪ ነዛ ሽውዓተ ምዕራፋት ዘለዋ መጽሓፍ ምስ ምእመናንን ሰብ ወፉይ ሕይወትን ንምልላይ ብቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ዝተሰናደወ መደብ፣ ጸሓፊ ናይዛ መጽሓፍ ክቡር ኣባ ሃይለ ምእመናንን ውሉደ ክህነት ኣብ ዝተሳተፍዎ መደብ ሰፊሕ መግለጺ ሂቦምላ፣፣ ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበሎም ሕቶታትን ርእይቶታትንœውን ተቐቢሎም።

ትሕዝቶœዛ ሓዳስ መጽሓፍ 1ይ ምዕራፍ፣ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ትርጉምን መሠረትን ዕላማ ንባሕርያትን ቃል ኪዳናዊ መውስቦ ዝገልጽ እዩ። 2ይ ምዕራፍ፣ ብዛዕባ ንኪዳናዊ ሕይወት ዘድለዩ ምቅርራባትን፣ ዝግበረሎም ቀጻሊ መሰነይታን፣ ካብ እዋን ንእስነት ኣትሒዙ ብእዋን ሕጸን ኪነዉን ብብቕዓት ንክኅዓዙን




ንክዕወቱን ዘኽእሉ ምድላዋት ይገልጽ። ብኡ ኣቢሉ ከኣ ኪዳን ናይ ሕይወት ጉዕዞ ምዃኑ የረድእ። 3ይ ምዕራፍ፣ ቀንዲ ሕመረት ናይœዛ መጽሓፍ ዝሓዘ ክፍሊ እዩ። ብዛዕባ ናይ ኪዳን ኣብ ፍቕሪ ምምሥራቱን፤ ምስዚ ንኪዳነዊ ሕይወት ዝዕንቅፉ መኸላእታትን፣ ኣገዳስቲ ቃላትን ትርጓሜኦምን ብሰፊሑ ዘርዚሩ ዝገልጽ እዩ።
ኣብ 4ይ ምዕራፍ፣ ብዛዕባ እንታይነት ሕዉስ ኪዳናዊ መውስቦን፣ ተኽእሎታቱን ብከመይ ይፍጸምን፣ ንዝህልውዎ እወንታውን ኣሉታውን ገጻቱ ይድህስስ፤ ኣብ 5ይ ምዕራፍ፣ ብዛዕባ ቃል ኪዳናዊ እዋናውያን ጸገማትን ኣፈታትሓኦምን ይሕብር። ኣብ 6ይ ምዕራፍ፣ ከኣ ብዛዕባ ናይ ኪዳናዊ ጉዕዞ ዝተዘርዘሩ ጸገማት ዝተዋህቦም መፍትሒ ይገልጽ።

ኣብ መወዳእታ 7ይ ምዕራፍ፣ ንኪዳናዊ ምዝንባላት ዘለዎም ሰበኪዳን ሱታፌ ቅዱስ ቁርባን ይግባእዶ ኣይግባእን? ንዝብል ሕቶ ይምልስን የነጽርን። ምስዚ ንጽንዓት ኪዳናዊ ሕይወት ዝዕላማኡ ጽኑዕ ለበዋ ዝምልከት ሓሳባት ቀሪቡ ኣሎ። ብተወሳኺ ነዚ ጽሑፍœዚ ዝሕግዙ ሥእላዊ መግለጺታት›ውን ቀሪቦም ኣለዉ። ንዝያዳ መዕሞቒ ሓሳባትን ክፉት ናይ ዘተን ኣብ ገሊኡ ከኣ ንናይ ግላዊ ኀልናዊ መርመራ ዝሕግዛ ኣብ መዛዘሚ ነፍሲ-ወከፍ ምዕራፍን ኣብ መደምደምታን ሸሸሞንተ ብሓፈሻ 64 ሕቶታት ንሓባራዊ ዘተን ንግላዊ ኣስተንትኖን ተዳሊውሉ ኣሎ።

## ንኹሉ ኣብ ግዚኡ

ኣዝዮም ዝፋተዉ ውላድ ዕንጭራን ውላድ ጻጸን ነበሩ። እዞም ክልተ ኣዕሩኽ ኣብœቲ ሳዕርን ዕምባባታትን ዝበዝሓ ቦታ



## ዋዛ ምስ ቁምነገር

ምጽዋት እንተዘይኮይኑ ስራሕ ዝበሃል ኣይረኣዮምን። ወቕቲ ኣየት ሓሊፉ ክረምቲ ምስ ኣተወ ሓደ ሽማግለ ጻጸ መጺኡ እዞም ደቀይ ሕጂ እዋን ስራሕœዩ። ንስኻትኩም ግን ትጻወቱ ኣለኹም። ኣብ እዋን ስራሕ ስራሕœምበር ጸወታ ምብዛሕ ኣይጠቅምንœዩ። ስራሕ እንተፈተኹም ይሓይሽ ብምባል ተዛረቦም። ኣስዒቡ ዝብለኩም ዘለኹ እንተ ተረዲእኩም ንጸወታ ግዜ ኣለዎ፣ ንስራሕœውን ከምኡ። ንኹሉ ግን ኣብ ግዚኡ ክትገብርዎ ኣለኹም¡ በሎም።

እቲ ውላድ ዕንጭራር ናብ ዓርኩ ጻጸ እናጠመተ እንታይ ይብለና ኣሎ? እዚ ቦታ ልሙዕœዩ። እንተደለና ብትሕቲ እቲ ሳዕሪ እንተደለና ብትሕቲ እቲ ዕንባባታት ዘለዎ ከይድና ኣብ ድላይና፣ ከም ድላይና መግቢ ክንረክብ ንኽእል ኢና። እኹል መግቢ ከሎ ንምንታይ ንሰርሕ? ዘይንጻወት? ሎሚ ዘይተጻወትና ድኣ መዓስ ክንጻወት?¡ እናበለ ተዛረበ። ለይቲን ቀትርን ዛሕሊ ምስ ኾነ፣ እቲ ነዚ ኹነታት እተዓዘበ ንእሽቶ ጻጸ ቀውዒ ከም ዝኣኸለ ኣስተውዓለ። ዘረባ ናይœቲ ሽማግለ ጻጸ እውን ተዘከሮ። ስለœዚ ድማ ንዓርኩ ዕንጭራር ዓርከይ በሎ ህድእ ኢሉ። ቀውዒ ከም ዝኣተወ ትርእዮ ኣለኻ። ሓረስቶስ ዓጺዶም፣ ኣኽዶም፣ እኽሎም ሓፊሶምœዮም። ክዓጽዱ ከለዉ ኣብ ግራት፣ ኣብ ዓውዲ ኸኣ ክሓፍሱ ኸለዉ ዝወደቖም እኽሊ እንተረኸብኩ ሃሰው ክብል እየ።

ኣኪበ ኣኪበ ኸኣ ናብ ጉድጓደይ ክወስዶ እየ። ንዕኡ እናበላዕኩ ነዚ ዝመጽእ ዘሎ ሓጋይ ብዘይስኽፍታ ክሓልፎምየ¡፣ እናበለ ተዛረቦ። ከም ዓርኩ መጠን ከኣ ምስኡ ንኽኸይድ ለመኖ። ዕንጭራር እንተደለኻ ንስኻ ኪድ እምበር፣ ኣነስ ኣይከይድን።¡ ብምባል ኣቕበጾ። እቲ ንእሽቶ ጻጸ እኽሊ ናብ ምእራይ ከይዱ። ዘዝረኸባ እኽሊ ናብ ሰፈሩ እናኣግዓዘ ዝኣኸሎ መግቢ ኣከበ። እቲ ዕንጭራር ግን ምጽዋቱ ድኣ ቐጸለ።
ወቕቲ ሓጋይ ድማ እዋኑ ሓልዩ መጸ። ኩሉ ኣትክልትን ኣቑጽልትን ከኣ ነቐጸ። እቲ ግዚኡ ክጻወት ክዕንድር ዘሕለፎ ዕንጭራር ብምሕር ጥምየት ብዕብራን ተጠቕዐ። ዓኽ! ምስ ጻጸ ዓርከይ ኮይነ እንተ ዝሰርሕ ነይረ ሕጂ ዝብላዕ ኣይምሰኣንኩ¡። እናበለ ብዙሕ ተጠዓሰን ኀዛየን። ገለ ዝብላዕ እንተረኸበ ኢሉ ድማ ናብ ጻጸ ዓርኩ ከይዱ ክልምን ወሰነ። ኣብ ኣፍደገ ኮይኑ ከኣ ጻጸ ዓርከይ፣ ጻጸ ዓርከይ¡ እናበለ ክድህ ጀመረ። እንተኾነ ኣዝዩ ደኺሙ፣ ሓሚሙ፣ ጠምዩ ስለ ዝነብረ ድምጹ ኣዝዩ ትሑት እዩ ዝነበረ። ኣሸንኳይ እቲ ጻጸ ባዕሉœውን ድምጹ ክስምዖ ዘሸግር እዩ ዝነበረ። ጻጸ ዓርኩ ኣብ ውሽጢ ኣረ ው‰ ሽ‰ጢ ሰፈሩ ኮይኑœዩ ተፈሲሁ መግቡ ዝበልዕ ነይሩ። ስለœዚ ኸኣ ንዕንጭራር ክስምዖ ኣይከኣለን። ሕማሙ እናበርትዖ እናኣቐንዘዎ ኸይዱ። ኣማስያኡስ ነቲ ዝነበረ ጥሜትን ኣሳሒታን ቁርን ክጻወሮ ስለ ዘይከኣለ ሞተ ድኣ። እዋን ጽድያ ኣኺሉ። ኣሳሒታ ሓጋይ ድማ ብምቖት ተተክአ። እቲ ኣብ ጉድጓድ ዝነበረ ጻጸ፣ እቲ ፈታኒ ናይ ጥምየት ወቕቲ ሓጋይ ከም ዝሓለፈ ተረዲእዎ ናብ ግዳም ወጸ። ዕንጭራር ዓርኩ ከኣ ሞይቱ ጸኒሕዎ። ኡእ ኢለካ ነይረ እንድየ!¡ በሎ ብምሕር ድንጋጸ። ቀቢርዎ ድማ ናብœቲ ምስ ዓርኩ ኮይኖም ዝጻወትሉ ዝነበሩ ኣቑልትን ሳዕረ ማዕረን፣ ንበይኑ ክጻወት እናዘለለ ኸደ።

ንኩሉ ግዜ ኣሎዎ!

<u>ትምህርቲ፣</u> ኣታ ሃካይ፣ ናብ ጻጸ ኺድ፣ እሞ ኻብኡ ተ ም ሃ ር ሓለቓ ኾነ፣ ኣዛዚ ወይ ገዛኢ የብሉን። ግናኸ ቐለቡ ብሓጋይ የዳሉ፣ ምግቡ ድማ ብቐውዒ ይእክብ¡ (ምሳሌ6፣6)።



# ብሥራት

መስከረም 2017 ዓ.ም.ፈ. ኅታም ቍ.116 ካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asmara)

## መልእኽቲ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም

### ዓሻስ፡ ብልቡ፡ እግዚኣብሔር የሎን፡¡ ይብል (መዝ፡ 14፡ 53)

### ርእሰ ዓመት ቅዱስ ዮሓንስ

### ፩ መስከረም ፳፻፲ 11 መስከረም 2017

ክቡራን ሕዝበ እግዚኣብሔር፡
እንሆ ሎምዘመን'ውን ርእሰ ዓመት በዓል ቅዱስ ዮሓንስ ቀሪቡ። ብኃይሊ ኣምላኽ ዓመት ማቴዎስ ፈጺምና ፡ ዓመት ማርቆስ ክንጅምር ንቀራረብ ኣሎና። ነዚ እግዚኣብሔር ብሕያውነቱ ዝለገሰልና ክቡር ጊዜ ብምስጋናን ብትሕትናን ምእንቲ ክንቅበል ከኣ ቃል ኣምላኽ እንታይ ከምዝብለና ክንሰምዕን ሰሚዕና ከኣ ኣብ ግብሪ ከነውዕሎ ድልዋት ክንከውን ኣድላይ እዩ። እቲ ዝገርም፡ ካብ ዝፍጠሩ ጀሚርካ ደቂ ሰብ ዝገብርዎን ዝብልዎን ኣይፈልጡን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ዘይፈልጥዎ ከምዝፈልጡ፡ ዘይክእልዎ ከምዝኽእሉ ኮይኖም ክቀርቡ ምድላዮም እዩ። እዚ ከኣ ካብ ጥንቲ ካብ ጥቅምቲ እዩ ጀሚሩ። ኣቦና ኣዳምን ኣዴና ሔዋንን በምሳል እግዚኣብሔር ተፈጢሮም ኣብ ገነት ኣዕሩኽቱ ኮይኖም ብሰላም እናነበሩ ከለው እዮም እቲ "ኣቡሃ ለሓሰት" ኣቦኣ ንሓሶት ዝኾነ ሰይጣን፣ "ኣይፋልኩምን፡ ኣምላኽ ደኣ ካብታ ካብኣ ዝበላዕኩምላ መዓልቲ ኩሉ ከምእትፈልጡ፡ ከም ኣምላኽን ከም እትኾኑ፣ ጽቡቕን ክፉእን ከምእትፈልጡ ስለ ዝፈለጠ እዩ 'ኣይትብልዑ' ዝበለኩም እምበር ከቶ ኣይትሞቱን ኢኹም" (ዘፍጥረት 3፡4-5 እናበለ ብቀሊሉ ከተዓሻሽዎም ዝኸኣለ። ዝኀደሎም ዘይነበሮም፣ ናብ ዘይምልከቶም ጉዳይ ክመጣጠሩ ክብሉ ነቲ ዝነበሮም ዕርክነትን ህያባትን ኣጥፍኡ።

መዝሙር ዳዊት፡ 14 ቍ፡1 "ዓሻስ ብልቡ 'እግዚኣብሔር የሎን' ይብል" ከምዚብል፣ ኣብ ዘዘመኑ ነዚ ዘረባ ዓያሹ ዚደግሙ ብዙኃት ነይሮምን ኣለውን ክንብል ንኽእል ኢና። ብፍላይ ኣብዚ ዝሓለፈ ክልተ ዘመን፡ ከም ብዓል ኒቸን ማርክስን ዝኣመሰሉ ብግልጺ "እግዚኣብሔር የሎን" ፡ ኣረ ኣኳ ደኣ፡ " እግዚኣብሔር ሞይቱ እዩ" እናበሉ ዝመሃሩን ዝጸሓፉን ፍላስፋታት ነይሮምን ገና'ውን ኣለው ክንብል ንኽእል ኢና። ጋጋሪን ዝብልዎ ናይ ሩስያ ጠፈርተይና'ውን ንመጀመርያ ጊዜ ጠፈር በጺሑ ምስ ተመልሰ ጋዜጠይናታት እንታይ ርኢኻ ኢሎም ምስ ሓተትዎ"ሰማይስ በጺሐ፣ንኣምላኽ ግን ኣይረኸብኩዎን" ኢሉ መሊሱ ይበሃል እዩ። ናብዚ ከምዚ ዝበለ ኣተሓሳስባን ኣዘራርባን ዘብጽሖም እንታይ ይኸውን? ዚብል ሕቶ ክመጻና ከኣ ናይ ግድን እዩ። ዝበዝሑ ብእምነቶም ዝደኸሙ ሰባት "ኣብ እግዚኣብሔር ምእማን ማለት ካብኡ ተጸባይ ምዃን ማለት እዩ። ባዕለይ ዝኽእሎ እንተኾይነ። ኩሉ ዘድልየኒ ነገራት እንተሎኒ፣ ንምንታይ ንቤተክርስትያን እኸይድ፣ ንምንታይ ንእግዚኣብሔር ኣሸግሮ። ጸሎትከ ንምንታይ ይጠቅም፣ ርእሰይ ክኢለ እየ" ብምባል ብዛዕባ እምነትን ህላዌ ኣምላኽን ጊጉይ ዘረባ ይዛረቡ። ኣብቲ ማዕቢሉ ዝበሃል ክፍላተ ዓለም ዝርአ ዘሎ ኲነታት ነዚ ኣተሓሳስባ እዚ ዘንጸባርቕ ምኳኑ ብጭቡጥ ይርኤ ኣሎ። ነቶም ብስደት ኣብኡ እንነብር እውን ከይጸለወና ኣይተርፍን እዩ። እዚ ብደገ ክርአ ከሎ ርእሰ ተኣማንነት ተባሂሉ ይጽዋዕ። ብሓቁ ግን ዕሽነት እዩ። መጀመርያ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ስለዝኾነ። እቲ ዘሎካውን ህያብ ኣምላኽ እዩ። ኃይልኻ ጥበብካ ካበይ ከምዝመጸ ዘይምፍላጥ ምስ ዕሽነት እዩ ዝቕጸር። በቲ ካልእ ወገን ድማ ፈቲንና ምብጽሑ ምስ ሰኣንና ነካፍኦ። እዚ እውን ዝገደደ ዕሽነት እዩ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ መዝሙር ዳዊት "ዓሻስ ብልቡ እግዚኣብሔር የሎን ይብል" እዩ ዝብለና። ሎሚ ግን ብኣፎምን ብጽሑፎምን፡ ዓው ኢሎም፡ "እግዚኣብሔር የሎን" ዝብሉ'ውን ኣይሰኣኑን እዮም። እዚ ከኣ ድንቁርናን፡ ዕሽነትን፡ ትዕቢትን፡ ሕማቕ ትምክሕትን፡ ዘምጽኦ መንፈስ ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል።

"ዓሻ ኪዛረብ፡ ለባም የስተውዕል" ከም ዝተባህለ፡ ንሕናውን ከይንዕሹ ኣዚና ክንጥንቀቕ የድሊ ማለት እዩ። ከመይ፡ ፈሊጥና ኮነ ከይፈለጥና፡ ንህላዌ እግዚኣብሔር ብዙኅ ጊዜ ኣብ ሕቶ ነእትዎ ኢና። ኣብ ሃገርና እኳ፡ ፈሊጡ፡ ብግልጺ፣ "እግዚኣብሔር የሎን" ዝብል ውሑድ እዩ ክንብል ንኽእል ንኸውን። ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ግን ክንደይ ጊዜ እግዚኣብሔር ከምዘየሎ ገይርና ንዛረብ? ክንደይ ጊዜ እግዚኣብሔር ከምዘይርእየና/ከምዘይሎ ኮይንና ንሰርሕ፡ ንካየድ? ነዚ ሕጂ ዝወሃበና ዘሎ ሓዲስ ዓመት እውን ብዘይ እግዚኣብሔር ክንጅምሮን ክንጥቀመሉን ንምድብ። በዚ ምኽንያት እዩ መጽሓፍ ሲራክ፥ "ንኣምላኽ ዘይፈልጡ ዘበሉ ኩሎም፣ ናይ ብሓቂ ዓያሹ እዮም። እዞም

ሰባት እዚኣቶም ነቲ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ጽቡቕ ነገራት ይርእይዎ፣ ነቲ ሕያው ኣምላኽ ግና ኪርእይዎ ኣይክኣሉን። ነቶም ንሱ ዝፈጠሮም ይፈልጥዎም ንፈጣሪኦም ግና ኣይፈልጥዎን” (ጥበብ 13፡1) እናበለ ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና በቶም እንርእዮምን እንፈልጦምን ፍጥራት ኣምላኽ ገይርና ምስ ልዑል ፈጣሪ ክንራኸብ ከምዝግብኣና ይምዕድ። እንተኾነ፡ ንልቦና፡ ንጥበብ፡ ንምስትውዓል፡ “ዓያሱ ሰባት ኣይረኽብዋን እዮም፣ ኃጢኣተይናታት ድማ ኣይርእዩዋን እዮም። ጥበብ ካብ ትዕቢተይናታት ሰባት ኣዝያ ርሒቕቲ እያ፣ ሓሰውቲ ድማ ፍጹም ኣይሓስብዋን እዮም” (ሲራ 15፡7-8) ብምባል ከኣ ካብ ናይ ዕሽነት ዘረባን ስራሕን ክንርሕቕ ከምዝግብኣና የተሓሳስበና ኣሎ።

**ዝበዝሑ ብእምነቶም ዝደኸሙ ሰባት “ኣብ እግዚኣብሔር ምእማን ማለት ካብኡ ተጸባይ ምዃን ማለት እዩ። ባዕለይ ዝኽእሎ እንተኾይነ። ኩሉ ዘድልየኒ ነገራት እንተሎኒ፣ ንምንታይ ንቤተክርስትያን እኸይድ፣ ንምንታይ ንእግዚኣብሔር ኣሸግሮ። ጸሎትከ ንምንታይ ይጠቅም፣ ርእሰይ ክኢለ እየ” ብምባል ብዛዕባ እምነትን ህላዌ ኣምላኽን ጊጉይ ዘረባ ይዛረቡ።**

“ዓሻ ድኃን ኣሎ፡ ዘመድ ዓሻ ግን ከፊኡዎ ኣሎ” ከምዝበሃል፡ ዓሻ ክጀሃርን ክምካሕን ከሎ፣ ለባም ሰብ ግን ንሓቅን፡ ንፍትሕን እዩ ዘናድን ዘቖድምን። ቅዱስ ጳውሎስ ንሰብ ፊልጺስዩስ ከም ዝበሎም ከም ለባማትን ብፈሪሃ እግዚኣብሔር ዝምርሑን ሰባት ኣብዚ እንጅምሮ ዘሎና ሓዲሽ ዓመት፡ ዘረባ ዕሽነትን ስራሕ ዕሽነትን ገዲፍና ብጥበብ ክንመላለስ ኢና ንዕደም ዘሎና። “ሓቂ ዘበለ ርዝነት ዘለዎ ኩሉ፣ ቅኑዕ ዘበለ፣ ተፈታዊ ዘበለ፣ ሠናይ ዘለዎ ኩሉ፣ ወይ ምስጉን ነገር እንተ’ልዩ፡ ብዛዕባ’ዚ ነገር’ዚ ሕሰቡ” (ፊልጵ 4፡8)። ለባም ሰብ፡ ኣብ ክንዲ “እግዚኣብሔር የሎን” “እግዚኣብሔር ኣሎ! ወትሩ ይመስገን፡ ይቀደስ፡ ይወደስ፡ ይባረኽ፡ ይንገሥ፡ ፍቓዱ ኣብ ሰማይ ከምዝኾነ ከምኡ ከኣ ኣብ ሕይወተይ ኣብ መላእ ዓለም ይፈጸም” ምባል እዩ ዝመርጽ። ዓሻ ግና፡ መጽሓፍ ሲራክ ከምዝብሎ፡ “ካብ እግዚኣብሔር ስለዘይተዋህቦ ኃጥእ ሰብ መዝሙር ምስጋና ኪዝምር ከሎ ኣይስሕበካን። ከመይ መዝሙር ምስጋና ብጥበብ እዩ ኪዝመር ዘለዎ፣ ዘማዕብሎ ከኣ ባዕሉ እግዚኣብሔር እዩ” (ሲራ 15፡9-10)። ኩሉ እንዛረቦ ዘረባን ኣንፍጽሞ ስራሕን ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመርሐ እንተዘይኮይኑ ክንጋገ ንኽእል ኢና። ናይ እምነት ስራሕ ክንገብር ከሎና እውን ወትሩ ሓገዝ መንፈስ ቅዱስ ክንልምን ኣድላይ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ኣነጺሩ፡ “ከምቲ ብመንፈስ ኣምላኽ ዚዛረብ ‘ኢየሱስ ርጉም እዩ’ ኪብል ዘይኽእል፣ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ እንተዘይኮይኑ ድማ ‘ኢየሱስ ጐይታ እዩ’ ኪብል ዝኽእል ሓደ እኳ ከምዘየልቦ ኣፍልጠኩም ኣሎኹ” (1ቆሮ 12፡3) ይብለና።

ኣብዚ ሓዲሽ ዓመት ከምቲ እግዚኣብሔር ዝደልዮ ክንነብር፡ ክንዛረብ፡ ክንሰርሕ፡ እንተ ደኣ ደሊናስ፡ ወትሩ ሀብታት መንፈስ ቅዱስ፡ ማለት ጥበብ፡ ኣእምሮ፡ ምኽሪ፡ ፍልጠት፡ መንፈሳውነት፡ ጽንዓት፡ ፈሪሃ እግዚኣብሔር ክንልምን ኣሎና። “መንፈሳዊ ኃይሊ ትኽተል (ትደሊ) ካብ ኮንካ፡ መንፈሳዊ ኃይሊ ናይ ዘበለ ኩሉ ገባሪት ጥበብ እያ። ፍትሒ ኮነ ትብዓት፣ ገዛእ ርእስኻ ምግታእ ኮነ ምስትውዓል መበቆሉ ጥበብ እያ” (ጥበብ 8፡7)። መጽሓፍ ምሳሌ “ለባም ሰብ ንስጉምቱ ይጥንቀቐሉ” (ምሳሌ 14፡15) ከምዝበለ፡ ሀብታም ብሀብቱ፡ ኃያል ብኃይሉ፡ ተኣማሚኑ ኣብ ሕይወቱ ቅኑዕ ወይ ጊጉይ ምርጫታት ክገብር ይኽእል ማለት እዩ። ስለዚ እግዚኣብሔር ኢዱ ከንብረልና ኣብ ምርጫታትናን ውሳኔታትናን ክመርሓና ብትሕትናን እምነትን ክንልምን ኣድላይ እዩ።

ባዕሉ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ኣብ ወንጌል ሉቃስ፣ሓደ ዓብይ መረዳእታ ሂቡና ኣሎ፡ “ሓደ ሃብታም ሰብኣይ ግራህኡ ቀደወሉ። ብልቡ ከኣ ‘እኽለይ ዝእከበሉ ስፍራ የብለይን፣ እንታይ ደኣ ክገብር እየ?’ ኢሉ ሓሰበ። ከምዚ ድማ በለ፣ ’ከምዚ ደኣ ክገብር፡ ንማዕከነይ ኣፍሪሰ ኣግፊሐ ክሰርሖ እየ፣ ኣብኡ ከኣ ኩሉ እኽለይን ሃብተይን ክእክብ እየ። ንነፍሰይ ከኣ - ኦ ነፍሰይ! ንብዙኅ ዓመታት ዚኣክል ብዙኅ ዝተደለበ ሃብቲ ኣሎኪ እሞ፣ ኣዕርፊ፡ ብልዒ ስተዪ፡ ተሓጐሲ ክብላ እየ’ በለ። ኣምላኽ ግና ‘ኣታ ዓሻ! በዛ ለይቲ እዚኣ ንነፍስኻ ካባኻ ኪወስድዋ እዮም፣ እዚ ዝደለብካዮ ደኣ ንመን ኪኸውን እዩ?’ በሎ። እቲ ንርእሱ ሃብቲ ዝእክብ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ግን ሃብታም ዘይኮነ ከምኡ እዩ” (ሉቃ 12፡16-21)። እንተዘይተጠንቂቕና፡ ሀብቲ፡ ሥልጣን፡ ምቾት፡ ፍትወት ሥጋን ዓለምን ብቐሊሉ ንእግዚኣብሔር ኣምላኽና፡ ከረስዑና ካብቲ ቅኑዕ ክርስትያናዊ ሕይወትና ከምእንወጽእ ክገብሩና ይኽእሉ እዮም። እቲ “ዓሻስ ብልቡ እግዚኣብሔር የሎን ይብል” ዝብል ቃል መዝሙረ ዳዊት መዘኻኸሪ ክኾነና ይግባእ።

ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት፡ ኣብ መስዋዕተ ቅዳሴ ካብ ምስታፍ፡ ጸሎትና ካብ ምብጻሕ፡ ናይ ምሕረት ስራሕ ካብ ምፍጻም፡ ነኅዋትና ካብ ምሕጋዝ እንተተረፍና ብቃል ደኣ ኣይንበሎ እምበር ብልብናስ “እግዚኣብሔር የሎን፡ ኣይርእየኒ ኣይሰምዓኒ” ንብል ከምዘሎና ክርድኣና ኣለዎ። ኣብ ኦሪት ዘዳግም መዝሙር ሙሴ ከምዘረደኣና ከኣ፡ ዕሽነት ኣብ ውልቀ ሰባት ጥራይ ኣይኮነን ዝርከብ። ሓንቲ ስድራ፡ ሓደ ሕዝቢ፡ ሓንቲ ሰበኻ፡ ሓደ ማኅበር፡ ሓደ ገዳም፡ ሓንቲ ቊምስና’ውን ጥበብ ብዝወሓዶ ጐደና ክትጕዓዝ ክትመሓደር ዝከኣል ኣዩ። ከምቲ ቀደም ንሕዝቢ እስራኤል ዝበሎም ሎሚ’ውን ሙሴ፡ “ኣታ ዓሻን ዳንደን ሕዝቢ፣ ንእግዚኣብሔር እዚዶ ትፈድዮ? እቲ ዝፈጠረካ ኣቦኻስ ንሱዶ ኣይኮነን? ዝገበረካን ዘዳለወካን ንሱ እዩ” (ዘዳ 32፡6) ይብለና ኣሎ። እግዚኣብሔር ከኣ ብወገኑ፡ “ኣነ እየ ኣምላኽ፣ ብጀካይ ካልእ ኣምላኽ ከምዘየልቦ ድማ ሕጂ ረኣዩ። ኣነ እቐትል ሕያው ከኣ እገብር፣ ኣነ ኣቝስል ከምኡ ድማ እፍውስ፣ ካብ ኢደይ ዜድኅን ከኣ የልቦን (ዘዳ 32፡39) ”’ንእግዚኣብሔር ኣምላኽካ ስገድ፣ ንኣኡ ንበይኑ ድማ ኣምልኽ” (ማቴ 4፡10) ይብለና ኣሎ። ንኣኡ ንበይኑ ኣምልኽ ማለት ድማ፡ ናይ ስግደት፡ ናይ ኣምልኾ፡ ናይ ጸሎት ናይ መስዋዕቲ ወይ ሙብጽዓ ስራሕ ንኣኡ



**ሸዊት ሚካኤል ኢየን።**

**ኣብቲ ዕለት ዓቢይ መብጽዓ፣ ነቲ ሕዝቢ ቊምስናን ዕዱማት ካህናትን ደናግልን ምእመናን ዝተሳተፍዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዝመርሑ ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ሓለቓ ማሕበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺኒ፣ ብዛዕባœተን ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ዝመሥረተን 1ይ,2ይ,3ይ, ፍራንቸስካውያን ማሕበራትን ታሪኽ ኣመጻጽኤንን መንፈሳውነተንን ዕላማኣን ኣገልግሎተንን ድሕሪ ምግላጽ፤ ብፍላይ ናይ ማሕበር ደናግል ፍራንቸስካውያን ምስዮናውያን ታሪኽን ጸዋዕታንœውን ገሊጾም። ንተመባጻዕቲ ዝጅምርኦ ዘለዋ ሕይወት ንቅድስና ክገብረለን ተመንዮም። ሲዒቡ ስርዓተ መብጽዓ እንክፍጸም፣ ወኪል ጠቕላሊት ሓለቓ እናቴ ጽገሓና ተወልደ ብስም ማሕበር ብስም ቤተክርስቲያን ተቐቢለንኤን። ብድሕሪ ቅዳሴ ኣብ ሰምበል ዝርኸብ ማሕበረን ንኩሉ ዕዱም ብምእንጋድ ጽንብል መብጽዓ ተፈጺሙ። ብድሕሪœዚ ናብቲ ተዳልዩ ዝነበረ ናይ ቊርስን ምሳሕን መደብ ብምሕላፍ ዝተፈላለየ ግጥምን መዛሙርን ተዋስኦን ቀሪቡ። በዚ ከኣ መደባት እቲ ሕጉስ መዓልቲ ተፈጺሙ።**

## መደብ መንእሰያት መቐራረቢ ንበዓለ መስቀል

ብ 24 መስከረም 2017 ብመንእሰያት ኩለን ቊምስናታት ኣስመራ ዝተዳለወ መቀራረቢ ንበዓለ መስቀል ኣብ ኣዳራሽ ር/ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣስመራ ካብ ሰዓት 4፡00 ድ.ቀ - 7፡15 ድ.ቀ ጽቡቕ ናይ ምንቅቓሕ መደብ ኣምስዩ። እቲ መደባት ጸሎት መሎኮታዊ ምሕረት ፡ መዝሙር ብህጻናት ር/ኣድባራት ኪዳነ ምሕረትን መንእሰያትን ፡ ብተመሃሮ ዓቢይ ዘርኣ ክህነት እቲ ብዕሙቕ ዝበለ ንመንፈሳውነትካ ዘለዓዕል ሽብሸቦ ፡ ኣስተምህሮ “ትርጉም ዕምቀት መስቀል” ብዝብል ኣርእስቲ እናቴ ትዕበ መድሃኔ (ደናግል ኮምቦኒ) ናይ በሓቂ ብተገዳስነት ንዕምቀትን ርዝነትን መስቀል እንክገልጻ፣ መስቀል ሓደ ዝከፍኣ ናይ ቅጽዓት መሳርሒ እዩ ነይሩ፡ እቶም ነዚ ዝተፈርዱ ሰባት ከኣ ብዓቢ ገዓር መስቀሎም ተሸኪሞም ይኸዱ ነበሩ። ነዚ ዝከፍኣ መስቀል ክርስቶስ መሳርሒ ድሕነት ገይርዎ እዩ እናበላ እቲ ናይ ውርደት መስቀል ብክርስቶስ ክብረትናን ጽንዓትናን ምዃኑ ገሊጸን።






**ቀጺሎም መንእሰያት “ እጽበየካ/ኪ ኣለኹ” ብዝብል መዝሙር ዕሙቕ ዝበለ ትሕዝቶ ዘለዋ ብኣስተንትኖ እቲ ኢየሱስ ምእንታና ዘሕለፎ**

**ግፍዕን መከራን ዝገልጽ መስቀሉ ዝተሸከመ ብደም ዝተዓለሰ ኢየሱስ ነቲ ኩሉ ክፍኣትናን ሓጢኣትናን ጸይሩ ብፍቕሪ ጠሚቱ ምሕረት ዝህብ ኣምላኽ ብመልክዕ ድራማ ሰሪሖም ፡ ንተሳተፍቲ ናይ በሓቂ ኣብ ጸሎትን ናይ ርሕራሐ መንፈስ ዘእቱ፡ ንመጻኢ ጉዕዞ ብሓድሽ መንፈስ ንበዓለ መስቀል ዘሰናዱ መደብ ኣቕሪቦም። ስለዚ ነዞም ብንቅሓት ጸልዮም ዘጸልዩ መንእሰያት እግዚኣብሔር ኣምላኽ ሰላም ዝሰፈኖ እዋን ክገብረሎም ኣብ ተኣማንነቶም ከጽንዖም ኣብ ጸሎትና ንዘክሮም።**

## ዝኽሪ ወፈያን ዓቢይ መብጽዓን ኣብ ደ. ኮምቦኒ

**ቀዳም 30 መስከረም 2017 ዓ.ም ኣብ ውሽጢ ገዳም ቅዱስ ዳኒኤል ኮምቦኒ፣ ኣብ ዝርከብ ቤት ጸሎት ቅዱስ መስቀል¡ ደናግል፡ ብናይ ጸሎት ሳልስትን ኣስተምህሮታትን ኣስተንትኖን ዝተሰነየ ክልተ ደናግል ናይ 60 ዓመት፣ ዓሰርተ ደናግል ከኣ ወርቃዊ ኢዮቤል 50 ዓመት ውፉይ ሕይወተን፣ ሽዱሽተ ድማ ብናይ መወዳእታ መብጽዓ ዝውፈያሉ መዓልቲ ብምንባሩ፣ ክቡር ኣባ ሃብቱ ተኽላይ ሓለቓ ማሕበር ካህናት ኮምቦኒ፣ ምስ ሓያሎ ለባስያን ካህናት ዝመርሕዎ፣ ብዙሓት ውሉደ ክህነትን ምእመናን ዝተሳተፍዎ ናይ ምስጋና መሥዋዕተ ቅዳሴ ብምዕራግ ኣብ ስድራቤት ኮምቦኒ፣ መዓልቲ ዓቢይ ሓጐስን ምስጋናን ኮይኑ ዊዒሉ።**

**ኣብቲ መስዋዕተ ቅዳሴ ድሕሪ ንባብ ቅዱስ ወንጌል፣ ክቡር ኣባ ሃብቱ ተኽላይ ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት ኣብ ቅንያት መስቀል፣ ኣብ ደብሪ ቅ.መስቀል፣ ከምቲ ቅዱስ ዳንኤል ኮምቦኒ ፍሉይ ፍቕሪ መስቀል ዝነበሮ፣ ንሕናœውን መስቀል ዓቢይ ናይ ድኅነትና መጋበሪ ምዃኑ**



**ኣብ እነስተንትነሉ ዘሎና እዋን፣ እዚ ናይ 60,50 ዓመት ኢዮቤል ውፉይ ሕይወት ከምœኡውን ናይ መወዳእታ መብጽዓ ዝገብራ ዘለዋ ኣሕዋትና ንኣምላኽ ብፍሉይ ከነመስግን ዝዕድመና ኣጋጣሚ ኢዩ ኢሎም።**

**ቀጺሎም ከኣ ኣብ ወንጌል ከም ዝሰማዕናዮ ኢየሱስ ንድኻታት ወንጌል ከበስር ስለዝቐብኣኒ መንፈስ እግዚኣብሔር ኣብ ልዕለይ ኣሎ፣¡ እናበለ ሠናይ ዜና፣ ኣብ ኩሉ የበስር ነበረ። ንቃል ኣምላኽ ይገልጽን ከም ቃል ኣምላኽ ይግለጽን ነበረ። እዘን ኢዮቤል ዘብዕላ ዘለዋ ኣሕዋትና ከኣ ነቲ ናይ ክርስቶስ ተልእኮ ብምቅጻል ኢየን፣ ንኩሉ መኒነን፣ ብኩሉ ንክርስቶስ ብቀረባ ክኽተልኦ ብዝኣተወኦ መብጽዓ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ፣ ዝተፈላለየ ኣገልግሎት ዝህባ ዘለዋ። እዘን ዓቢይ መብጽዓኤን ዝገብራ ዘለዋ ከኣ ነቲ ናይ ዓለም ሃብትን ክብረትን ገዲፈን፣ ንኩሉ ፈተና ተጻዊረን ብፍቕሪ ክርስቶስ ዓቢደን ንክርስቶስ ክኽተላ ንምሉእ ሕይወተን ቃል ይኣትዋ ኣለዋ እሞ ብጸሎትና ነሰንየን፣ ቢሎም ኣብ መንፈሳውነት ሰብ ውፉይ ሕይወት ዘተኮረ ስብከት ኣስሚዖም።**

**እተን መበል 60 ዓመት ዉፉይ ሕይወት ዝዘከራ እናቴ ኮስታንሳ ካፔሊንን እናቴ ቨሮኒካ ወልደማርያምን እንኪኾና፣ እተን ቅድሚ 50 ዓመት ብሓደ መብጽዐን ዝፈጸማ ዓሰርተ ደናግል ድማ እነሆ ብሕይወትን ብጥዕናን ጸኒሐን ሸውዓተ ካብኣን ኣብ ኣሥመራ ብሓባር እንከብዕላኦ፣ ክልተ ኣብ ቨሮና ዓዲ ጥልያን ሓንቲ ከኣ ኣብ ጆርዳን ኣክቢረንኦ። ንሳተን ከኣ፦**
**እናቴ ዓንቀጸብርሃን ተስፋማርያም፣**
**እናቴ ኤልሳቤጥ እንድርያስ**
**እናቴ ለምለም ኣብርሃም፣**
**እናቴ ለተመስቀል ካሕሳይ፣**
**እናቴ ሊባኖስ ኣየለ፣**
**እናቴ ቅድስቲ ተኽለ፣**
**እናቴ ጸዳለማርያም ተስፋማርያም**
**እናቴ ኣንቶንያ ሃይለ፣**
**እናቴ መግደላዊት ጻዕዱ**

## ዓውደመጽናዕቲ
## ኣእምሮኣውን ምዕባሌኣውን ስንክልና
## (Intellectual and Developmental Disability)

ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ምስ Caritas Italy ብምትሕብባርን ንኣእምሮኣውን ምዕባሌኣውን ስ ን ክ ል ና ዚርኢ ዓውደ መጽናዕቲ ካብ 8 ክሳዕ 9 መስከረም 2017 ኣብ ኣዳራሽ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ንቆሞሳት፣ ንሰብወፉይ ሕይወት፣ ሓካይምን መማህራንን ሂቡ። ዕላማ ናይዚ ዓውደ መጽናዕቲ ናይቶም ኣብ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ዚሠርሑ ሰብውፉይ ሕይወት ብዛዕባ እዚ ስንክልና ዘሎዎሞ ንቐሓትን ኣፍልጠን ንምስፋሕ እዩ። እናቴ ትንሣኤ ሃብተማርያም ዋና ጸሓፊት ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ዓውደ መጽናዕቲ ኣብ ዘስምዐያ ቃል ኣብዚ ግራት እዚ ብዙሕ ሥራሕ ይጽበየና ስለዘሎ ነዚ ዓውደ መጽናዕቲ ኣብ ኣገልግሎትና ምእንቲ ኪሕግዘና ንጠቀመሉ ኢለን።



ኣዋሃሃድን ኣላይን ናይዚ መደብ ኣቶ ተኽለሃይማኖት ተስፋዝጊ ብወገኑ እዚ መደብዚ ምስዞም ኣእምሮኣውን ምዕባሊኣውን ስንክል ዘሎዎም ወገናትና ካብ ቀደም ክንሠርሓሉ እኳ እንተጸንሕና እዚ ዓውደ መጽናዕቲዚ ብዝበለጸ ክንሰርሕ ዝሕግዘና እዩ። ኣብቲ ዓውደ መጽናዕቲ ካብ ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ 9 ሰብ፣ ካብ ኤጳርቅና ከረን 10 ሰብ፣ ካብ ኤጳርቅና ሰገነይቲ 10 ሰብ፣ ብጠቅላላ 29 ተሳቲፎሞም። ካብ ኤጳርቅና ባረንቱ 10 ሰብ ክሳተፉ ነይርዎም ግና ኣይመጹን። ናይቲ ዓውደ መጽናዕቲ ኣርእስቲ ኣብ ትርጉምን ዓይነትን ኣእምርኣውን ምዕባሌኣውን ስንክልና (Autism Down, syndrome, cerebral palsy and epilepsy)፣ ኣፍልጠን ንቅሓትን፣ ከማኡ ብድሆታት ኣእምሮኣውን ምዕባሌኣውን ስንክልና ዘተኮረ ነይሩ። እቲ ትምህርቲ ብቪድዮ ዝተሰነየ ናይ ሕይወት ሓቀይና ተመክሮ ንተሳተፍቲ ዘካፈለን ዘዋስአን ነይሩ። መምሃራን ድማ ዝኣክል ፍልጠትን ተመክሮን ኣካፊሎም። ተሳተፍቲ ብወገኖም ኣብ ሥርሖም ዝሕግዞም ጽቡቕ ፍልጠትን ተመክሮን ከምዝቀሰሙ መስኪሮም። እቲ ዝቀሰምዎ ፍልጠት ኣብ ግብሪ ከውዕልዎ ከኣ ቃል ኣትዮም። ነዚ ስልጠና ዝሃቡ መምህራን (ክኢላታት) ካብ ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባሌኣውን ኤርትራ እዮም።

## ንኡስን ዓቢይን መብጽዓ ኣብ ደናግል ኢየሱስ ሕያዋይ ጓሳ

እዚ ወርሓትዚ ኣብ ገዳማትና ዓቢይን ንኡስ መብጽዓታት ዝፍጸመሉ ወቅቲ ኢዩ። በዚ መሠረት እምበኣር ብ9 መስከረም 2017 ዓ.ም ኣብ ደናግል ኢየሱስ ሕያዋይ ጓሳ ኣርባዕተ ብንኡስ መብጽዓ ሰለስተ ከኣ ብዓቢ መብጽዓ ንኣምላኽ እንኪውፈያ ብዕለት 10ን 17 መስከረም ከኣ ሸውዓተን ደናግል ሚሰዮናውያን ፍራንቸስካውያን ደቂ ንጽሕቲ ድንግል ማርያም ኣብ ደብረ ኪዳነ ምሕረት ሰምበል መብጽዓኣን ፈጺመን።

እተን ብ9 መስከረም ኣብ ዓቢይ ገዳም ሕያዋይ ጓሳ ድባርዋ መብጽዓዐን ዝፈጸማ ደናግል፣ እናቴ ምንያ ጺጋይ፣ እናቴ ለተሩፋኤል ገብረኣብ፣ እናቴ ሕርይቲ ሃይለስላሴ ብዓቢይ መብጽዓ፣ እናቴ ምሕረት ተስፋይ፣ እናቴ ናዝሬት ቦኽረጽዮን፣ እናቴ ንጽሕቲ ተስፋጋብር፣ እናቴ ኪሰሪ ወልደኣብ ከኣ ብንኡስ መብጽዓ ኢየን።ኣብቲ ቀዳም ንግሆ ካብ ሰዓት 6፣30 ብመስዋዕተ ቅዳሴ ዝጀምረ መደብ፣ ብርክት ዝበሉ ካብ ዝተፈላለየ መኣዝን ሃገርና ዝተኣከቡ ምእመናንን ብጸሎት ክድግፉ ከበራትዑን ዝመጹ 22 ለባስያን ካህናትን መስዋዕተ ቅዳሴ ከዕርጉ ተኣከቡ። ኣብ መንጎ ቅዳሴ ኩለን እተን መብጽዓ ዝፍጽማ ዝነበራ ደናግል ኣብ ቅድሚ ሰራዒ ካህን መማህራነን በብሓደ ኣስማተ ብምጽዋዕ ናብ ቅድሚት ኣቕረብኤን ንሳተንዐውን ድምጺ ኣምላኽ ብምስማዕ እኔኹ፡ ብምባል መሊሰን። ኣብ መሬት ብኣፍልበን ተደፊኣን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ካህናትን ምእመናንን መብጽዓኣን ፈጺመን። ንብፁዕ ሊቀጳጳስ ወኪሎም ነቲ መብጽዓ ወፈያ ሕይወት እዘን ደናግል ብስም ቤተክርስቲያን ዝተቐበሉ ሊቀ ካህናት መንደፈራ ኣባ ኮኾበ ተወልደ፣ ኣብ ስብከቶም ኣብዚ ዕለትዚ ሸውዓተ ኣሕዋትና 3 ዓቢይ መብጽዓ 4 ከኣ ብንኡስ መብጽዓ ናብ እግዚኣብሔር ይውፈያ ኣለዋ። ንማሕበር ንወለዲ መማህራን እንቛዕ ነዚ ኣብቀዓና ድሕሪ ቢሎም፤ ቀጺሎም ከኣ ኣብዚ ዓለም ናብ ሃብትን ካልእ ምድራዊ ነገራትን ትጓየየሉ ዘሎ ጽንኩር እዋን ብዘደንቕ ተወፋይነት ንሕዝበን ከገልግላ ኩለንትናኣን ንኣምላኽ ዘወፈያ ደናግል ምርኣይ ዓቢይ ጸጋ ኢዩ። ሕይወት ትምረጽ፣ ትምስከር፣ ትግለጽያ። ቅዱሳን ጴጥሮስን ጳውሎስን ንሕይወት ገሊጸማን መሰኪሮማን ኢዮም። እዘን ኣሕዋትና ከኣ ዓለም ሓላፊት ምዃና ፈሊጠን ኢየን፣ ኣብ ምሕረት ኣምላኽ ተኣማሚነን ብምኽርታት ወንጌል እናነበራ፣ ንሰማያዊ ጽድቂ ክረክባ፣ ንእኡ ክቕበላ ነዚ ሕይወትዚ ዝመርጸ ዘለዋ። እዚ ሕይወትዚ ከምቲ ሓዋርያት ብማኅበር ዝነብሩ ዝነበሩ፣ ማሕበራት ከኣ ኣብዚ ናይ ሓዋርያት ሕብረት ተመስሪተን ኢየን ናይ ሓባር ሕይወት ዝነበራ። ከምቲ ሓዋርያት ብፍቕሮምን ኣገልሎቶምን ጽኑዓት ዝነበሩ ኣብዚ ሕይወት ክትነብር ኣርባዕተ ነገራት የድልያ።
ሓድነትን ኅብረትን፣ ኣብ ጸሎትን ቃል ኣምላኽን ምጽማድ፣



ኣብ ምቁራስ እንጌራ፡ ኣብ መስዋዕተ ቅዳሴ ሥጋኡን ደሙን ምሕባር ምስጋና የድሊ። ማሕበራዊ ሕይወትና ለምዕን እሾክን ዘለዎ ሕይወት ኢዩ። እቲ እሾኽ፣ መስቀል ንሕይወት ክርስቶስ ኢዩ ዘርእየና። በዚ ከኣ ኢዩ ኢየሱስ ኣብ ጸጽባሕ መስቀሉ ኣልዒሉ ዘይስዕበኒ፣ ንኣይ ኣይበቅዕን ኢዩ፡ ዝብለና። ቅዱስ ወንጌል ከምዝነግረና ንህላዌ ጨንፈር ኣብቲ ጉንዲ ምጽናዕ ወሳኒ ኢዩ።

ኣብቲ ጉንዲ ወይኒ ብምጥባቕ ካብኡ ተመጊብካ ኢኻ ሠናይ ፍረ ከተፍሪ ትኽእል። እዚ መሪጽክንኦ ዘለኽን ሕይወት ብርሃን፣ ጨው ኮይኑ ሕያው ምስክርነት ክህብ፣ ነቲ ኣብ ፍቕረይ ጸኒዕኩም ንበሩ፡ እናበለ ብፍቕሪ ዝጽውዓክን ጐይታ ብምእዛዝ ብፍቕርን ሓድነትን ኢዩ ዝግለጽ። ፍቕርኽንን ኣገልግሎትክንን ክትልግሳሎም ዝጽበዩ ብዙሓት ድኻታት፣ ሕሙማት፣ ሸማግለታትን ሕጻናትን ኣለዉ። ነዚ ከኣ ብሓጐስ ክትነብርኦ የድሊ።ኣብዚ ሓጐስ ዘይብሉ ዓለም ሕጉስ ሕይወት ክንነብር ኣቦና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ይሓቱና። ሓጐስ ኣብ ክርስቶስ ጥራሕ ኢዩ ዝርከብ፣ ኣብ ቤቱ ብሓጐስ ክንነብር ብጸጋኡ ይሓግዘና ኢሎም።

## ዓቢይን ንኡስን መብጽዓ ኣብ ደናግል ፍራንቸስካውያን ሚስዮናውያን

እተን ሓሙሽተ ቀዳሞት ፍረ ናይዚ ሓዲስ ማሕበር ኣብ ሃገርና ዝኾና እናቴ ወይኒ ተስፋይ፣ እናቴ ወይኒ ተወልደ፣ እናቴ ጽገወይኒ ዘርኣጋብር፣ እናቴ ኣማኑት ክፍለገርጊስ፣ እናቴ ሊባኖስ ዘርኣጋብር ብ17 መስከረም ኣብ ደብረ ኪዳነ ምሕረት ሰምበል እንኪኾና እተን ኣቐዲመን ብዕለት 10 መስከረም ብንኡስ መብጽዓ ዝተወፈያ ከኣ እናቴ ወጋሕታ ተኽለሃይማኖት፣ እናቴ



ጥራይ እዩ ዝግባእ ማለት እዩ። "ብጀካይ ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይሃልውኻ" (ዘጸኣት 20:3) ክብለና ከሎ ከኣ ካብ ዝኾነ ኣምልኾ ጣዖት፡ ወይ ጥንቆላዊ ተግባር፡ ኣንጻር እግዚኣብሔርን ኣንጻር ሃይማኖት ዝፍጸም ተበግሶታትን ምርሓቕ ማለት እዩ።
ጥበበይና ሰብ ኣብ ኩሉ ሕይወቱ ምጡን እዩ። ኣብ ምቍጽጻር ስምዒታትናን፡ ኣብ ፍትወታት ሥጋን ዓለምን፡ "ኣብ ኣጠቓቕማ ፍጡር ነገራት ከኣ ሚዛን ዚህበና ሞራላዊ ኅይሊ ምጥንና እዩ"(መዝገበ ሃይማ. ቍ 1809)። ቅዱስ ጳውሎስ'ውን "ይኣኽለኒ ምባል ዝሰፈኖ ሃይማኖት ዓብይ ረብሓ እዩ። ከመይ ናብ ዓለም ዘምጻእናዮ ሓንቲ እኳ የብልናን። ከምኡውን ካብ ዓለም ክንወስዶ እንኽእል ሓንቲ እኳ የብልናን። ቀለብን ክዳንን እንተ ረኺብና ይኣኽለና እዩ።

እቶም ኪህብትሙ ዚደልዩ ግና ኣብ ፈተናን መፈንጠራን፣ ንሰብ ናብ ምብራስን ጥፍኣትን ዘስጥሞ፣ ኣብ ብዙኅ ናይ ዕሽነትን ጉድኣትን ትምኒት እዮም ዚወድቁ። ፍቕሪ ገንዘብ ሡር ኩሉ ክፍኣት እዩ። ገሊኦም ብህርፋን ገንዘብ ኪረኽቡ ኪብሉ ካብ እምነት ዘምበሉ፣ ናብ ርእሶምውን ብዙኅ ሥቃይ ኣምጽኡ። ንስኻ ግና ኣታ ናይ ኣምላኽ ሰብ፣ ካብዚ ኩሉ ህደም። ደድኅሪ ጽድቅን መንፈሳውነትን እምነትን ፍቕርን ትዕግሥትን ሕያውነትን ሰዓብ" (1ጢሞ 6:7-11) ይብል።

ቀጺሉ ከኣ "ጽቡቕ ናይ እምነት ገድሊ ተጋደል፣ ነታ ዝተጸዋዕካላ፡ ኣብ ቅድሚ ብዙኃት ምስክርውን ጽቡቕ ምእማን ዝተኣመንካላ ሕይወት ዘለዓለም ኃዛ" (1ጢሞ 6:12) ብምባል ንጢሞቴዎስ ከምዘተባብዖ ንነፍስ ወከፍና'ውን ይደግመልና ኣሎ።

> **"ዓሻ ኪዛረብ፡ ለባም የስተውዕል" ከም ዝተባህለ፡ ንሕናውን ከይንዕሹ ኣዚና ክንጥንቀቕ የድሊ ማለት እዩ። ከመይ፡ ፈሊጥና ኮነ ከይፈለጥና፡ ንህላዌ እግዚኣብሔር ብዙኅ ጊዜ ኣብ ሕቶ ነእትዎ ኢና። ኣብ ሃገርና እኳ፡ ፈሊጡ፡ ብግልጺ፣ "እግዚኣብሔር የሎን" ዝብል ውሑድ እዩ ክንብል ንኽእል ንኸውን። ኣብ ዕለታዊ ሕይወትና ግን ክንደይ ጊዜ እግዚኣብሔር ከምዘየሎ ገይርና ንዛረብ? ክንደይ ጊዜ እግዚኣብሔር ከምዘይርእየና/ከምዘይሎ ኮይንና ንሰርሕ፡ ንካየድ?**

ትምርህቲ ጥበብ ዝሓዘለ መዝሙር ዳዊት ኣብ ሕይወትና ፡ ኣብ ዘረባና ፡ ኣብ ስራሕና ከይንዕሹ ደጋጊሙ ይምዕደና፣ "ኣብ ግፍዒ ኣይትተኣመኑ፣ ብዘመተ ክትህብትሙ ከንቱ ተስፋ ኣይትግበሩ፣ ሃብቲ እንተ በዝሐ፡ ልብኹም ኣይተውድቕሉ" (መዝ 62:10)። ቅዱስ ያዕቆብ ድማ ኣዘራርባና'ውን ናይ ለባማትን ኣመንትን ኪኸውን ከምዘለዎ ይምህረና፣ "ንስኻትኩም ነቲ ጽባሕ ዚኸውን እኳ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ሕይወትኩም እንታይ እያ? ንቑሩብ ጊዜ ተራእዩ ደኃር ዚበንን ሃፋ ኢኹም። "ጐይታ እንተፈቒድዎ፣ ብሕይወት ክንነብር ኢና፣ ከምዚ ወይ ከምቲ ክንገብር ኢና' እዩ ክትብሉ ዝግብኣኩም ነይሩ። ሕጂ ግና ትጀሃሩን ትምክሑን ኣሎኹም። ከምዚ ዝበለ ትምክሕቲ ኩሉ ከኣ ክፉእ እዩ"(ያዕ 4:14)። እቶም ብፈሪሃ እግዚኣብሔር ዝመላለሱ ጥበበይናታት፡ ነቲ ዓሻ ዘጋጥሞ ኩሉ ተዓዚቦም "እንሆ እቲ ንእግዚኣብሔር ኃዲጉ ኣብ ብዝኂ ሃብቱ ዝተወከለ፣ ኣብ ክፍኣቱ ዝተኣመነ ሰብ ትርፉ እዚ እዩ' ኪብሉ እዮም" (መዝ 52:7)። ጊዜ ከሎካ ጊዜ ኣይትጸበ ከምዝበሃል ነዚ "ብሓቂ ሕይወት ወዲ ሰብ፣ ሸው ኢሉ ከምዚኃልፍ ንፉስ እዩ። እወ ሕይወት ወዲ ሰብ ብሓቂ ከም ጽላሎት እዩ። ንሽንቱ ይደክም፣ ሃብቲ

> **ኣብዚ ሓዲሽ ዓመት ከምቲ እግዚኣብሔር ዝደልዮ ክንነብር፡ ክንዛረብ፡ ክንሰርሕ፡ እንተ ደኣ ደሊናስ፡ ወትሩ ሀብታት መንፈስ ቅዱስ፡ ማለት ጥበብ፡ ኣእምሮ፡ ምኽሪ፡ ፍልጠት፡ መንፈሳውነት፡ ጽንዓት፡ ፈሪሃ እግዚኣብሔር ክንልምን ኣሎና። "መንፈሳዊ ኃይሊ ክትኽተል (ትደሊ) ካብ ኮንካ፡ መንፈሳዊ ኃይሊ ናይ ዘበለ ኩሉ ገባሪት ጥበብ እያ።**

ይድልብ፣ ንመን ምዃኑ'ውን ኣይፈልጥን" (መዝ 39:5-6) ዝብል ጥበብ ዝመልኦ ቃል ኣምላኽና ነስተውዕለሉ። እቲ ጥበብ ኣምላኽ ብርእሳ ዝኾነ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ዝህበና ዓብይ ምኽሪ ድማ ንስማዕ፡ ሰሚዕና ከኣ ንተግብሮ። "ሠራቒ ኣብ ዘይረኽቦ፡ ነቕዝ ኣብ ዘየበላሸዎ፡ ዘይበሊ ማኅፉዳን ዘይጐድል ሃብትን ኣብ ሰማይ ዕቖሩ። ምኽንያቱ ሃብትኹም ኣብ ዘለዎ ኣብኡ ድማ ልብኹም ኣሎ" (ሉቃ12:33-34)። ኣብዚ እንጅምሮ ዘሎና ዓመት ምሕረት ልብና ኣበይ ክህሉ እዩ? ንመን ኢና ቀዳምነት ክንህቦ? ንእግዚኣብሔርዶ ንገንዘብ? ንፍቕሪዶ ንጽልኢ? ንዕርቂዶ ንባእሲ? ንልግሲዶ ንንፍገት? ንኅብረትዶ ንፍልልይ? "ንክልተ ጐይቶት ኪግዛእ ዚኽእል ሓደ እኳ የልቦን፣ ከመይ ነቲ ሓደ ኪጸልእ፣ ነቲ ሓደ ከፍቅር እዩ፣ ወይ ከኣ ነቲ ሓደ ከኽብር፣ ነቲ ሓደ ከሕስር እዩ። እምበኣር ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዝኡ ኣይትኽእሉን ኢኹም" (ማቴ 6:24-)። ካብ ሕይወት ዕሽነት ናብ ሕይወት ሓቀይና ጥበብን ምስትውዓልን ምእንቲ ክንሳገር ንኣምላኽና ብእምነትን ብተስፋን ብፍቕርን ክንቀርቦ ንጽዓር። "ነቶም ኣብዛ ዓለም እዚኣ ዘለው ሃብታማት ከይዕበዩ፣ በቲ ክንሕጐስ ኢሉ ኩሉ ብልግሲ ዚህበና ኣምላኽ እምበር በዚ ኃላፊ ሃብቲ ከይእመኑ ኣዝዞም፡ ገበርቲ ሠናይ ኪኾኑ ብሠናይ ግብሪ ኪህብትሙ፣ ለጋሳትን መማቕልትን ኪኾኑ ኣዝዝ።"(1ጢሞ 6:17-18)። ንዝገበረልካ ወይ ግበረሉ ወይን ንገረሉ ከምዝበሃል ከኣ፡ ነቶም ብዝኾነ ምኽንያት ዝተጸገሙ ኣኅዋትናን ኣኃትናን ብሓጐስ ክንሕግዝ ከሎና፣ እግዚኣብሔር ብዝገበረልና ድማዕን ብዝሃበና በረኸትን ብልቢ ነመስግኖ ኣሎና ማለት እዩ። ዝተባረኸ ዓመት ማርቆስ ወንጌላውን በዓላት ሓንሰ መስቀለን ይግበረልና። ኣሜን።

ምስ ብዙኅ ሰላምታን ቡራኬን

+ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ ጳጳሳት ዘበኣሥመራ

## ሓጺር ታሪኽ መባእታ ቤት ትምህርቲ ደብረ ቁስቃም ጀገርተብ (ቅጽልን መወዳእታን)

### ዳግማይ ምጅማር 1989-2017

ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ብ1975 ዓ.ም.ፈ. ዕግርግር ኮይኑ ምስ ተዓጽወት፣ ንሓያሎ ዓመታት ተዓጽያ ድሕሪ ምጽናሕ ብሰናይ ተበግሶ ዓድን ካቶሊካዊ መንበረ ጽጽስና ኣሥመራን ብ1989 ዓ.ም.ፈ. ብወግዒ ሀ ኢላ ከም ብሓዲሽ ጀሚራ። እዚ ሰናይ ተበግሶœዩ እምበር ክፍልታት ብምልኡ ዓንዩ፣ ጠረጴዛታት ድማ ዳርጋ ብምልኡ ተሰባቢሩ ስለ ዝነበረ ካብ 1989-1990 ዓ.ም.ፈ. 1ይ ክፍሊ ጥራይ ኣብ 2ተ እብረ ተመቃቂሎም ንምምሃር ብወግዓዊ ከም ዝጀመረት መምህር ኣስመሮም የዘንቱዉ።

መስተርሆትን ናይዚ ከባቢ ኮይና ተወዳደርቲ ተማሃሮ ከኣ ተፍሪ ምግናን ከይመስል እምበር ኣብ ከባቢኣ ካብ ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ጸብለል ዝበለት ምኻና ዘየጠራጥር ሓቂœዩ።

ዋላ እኳ ኩነታት መነባብሮ ናይዚ ከባቢ ንትምህርቲ ዝድርኽ ኣይኸን እምበር ድሌትን ሃረርታን ተመሃሮን ወለድን መዘና ኣልቦ እዩ። ስለዚ ንዝረክብዎ ዕድል ኣብ ግምት ብምእታው ክቡር መጠን ነፍሱ የኽብረካ፣ ከም ዝበሃል ሕዝቢ ናይዚ ከባቢ ንመምህራን ፍሉይ ክብርን ሓልዮትን ይገብረሎም።ንሳቶም ከኣ ዓስቢ ሰናይ ግብሪ ህዝቢ ወይ ውሬታ ንምምላስ ብትግሃትን እምነትን ይሰርሑ ነይሮም ።ኣብዚ ክርሳዕ ዘይግባእ ፍሉይ



ግዝያቱ ግዜ ናጽነት ግዜ ዕረፍቲን ሰላምን ሓርነትን ስለ ዝነበረ፣ ቁጽሪ ተማሃሮ እንዳ በዝሑ፣ ኣብ ዓመት ሓደ ክላስ እናወሰኸ ክሳዕ 5ይ ክፍሊ ከም ዝዓቢ ተገብረ። ኣብዚ ክርሳዕ ዘይግብኦ ነጥቢ እንተሃልዩ ብዙሓት ናይ ትምህርቲ ግዚኦም ዝሓለፎም ዕድሜኦም ኣብ 30ታት ዝርከቡ መንእሰያት ምስ ደቆም ብፍሉይ ስምዒትን ሃረርታን ይመሃሩ ከም ዝነበሩ ናይ ሽዑ መማህራን ቃለ ምስክርነቶም ይህቡ። ብከምœዚ ዝተገልጸ ጽቡቕ ወኒ ትምህርቲ ብዙሓት መንእሰያትና ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ስለ ዝኣተዉ፣ እተን ዝነበራ ክፍልታት ድማ ዋላ ምሉእ ጽገና ስለ ዘይተገበረለን ክኣኽላ እንተዘይኣክላ፣ ብ1994 ብሓልዮት ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ሓደስቲ ክፍልታት ተወሲኹላ ምሉእ መሳለጥያ ምህሮ እውን ተማሊኡላ እታ ቤት ትምህርቲ ንኹሉ ድልውቲ ኾይና።

ብመስከረም 1995 ከምዚ ኾይኑ ናይ ህንጻን መሳለጥያ ምህሮን ምስ ተዛዘመ፣ መምህር ክብርኣብ መልኣከ ዝመራሒኦም 5 ትጉሃት መንእሰያት መምህራን ምምህርና ንምቕጻል ብክፍሊ` ትምህርቲ ናብ ለውጢ ንዝተበገሰት ቤት ትምህርቲ ተመዲቦም መጹ። ብሓያል ጻዕሮምን ፍቕሪ ዝመልኦ ሕውነታዊ ኣካይዳኦምን ቤት ትምህርቲ ኣብ ዘበኖም መዘና ኣልቦ ኾይና ልዕሊ እተን ኣብ ከባቢኣ ዝርከባ ኣብያተ ትምህርቲ ጸብለል ኢላ ክትረአ በቂዓ። እቲ ሕውነታውን ፍቕሪ ዝመልኦ ስጡም ኣካይድኦም ኣብ ውጺኢት ተማሃሮ ጥራይ ተሓጺሩ ዝተርፍ ኣይነበረን፣ እንታይ ድኣ እዛ ቤት ትምህርቲ ናብ ማእከላይ ደረጃ ኽትሳገር እሞ ጸገም ናይœዚ ከባቢ መስተርሆት ኽረክብ ቀጻሊ ናብ ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ሰበኻ ኣሥመራ፣ ናብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ዓተከለዛን መልእኽቲ ብምስዳድን ብኣካል መጺእኻ ብምርዳእን ኣድላይነት 6ይ ክፍሊ ኣብዚ ከባቢ ዓቢይ ምኻኑ ኸረድኡ ብዙሕ ጸዓሩን ደኸሙን። ብከምœዚ ስሙር ኣካይዳኦም ድማ ክሳብ 2010 ብተወፋይነትን ብእምነትን ብሕውነትን ኸገልግሉ ጸንሑ። ድሕሪኦም ድማ ብሞያ ዝሰልጥኑ ብተመኩሮ ዝበሰሉ ደቂ ዓዲ በብግዚኦም እናተቐያየሩ ብተወፋይነትን ብእምነትን ክሰርሑ ድሕሪ ምጽናሕ መንግሥቲ ምሕረት ኢሉ ምስ ኣወጀ ነናብ ቦትኦም ኽምለሱ ተገደዱ። ብሳላ ሓያል ጻዕሮም ቤት ትምህርትና እንሆ ነዚ ኹሉ መስገደላት ሓሊፉ ናብœዚ ዘላቶ ደረጃ ኽትበጽሕ በቂዓ።

ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተገልጸ መ/ቤ/ደ/ቁ/ጀ/ ብብዙሕ ሽነኻት ተራእዩ ንዓድታት ንእትህቦ ጽቡቕ ኣገልግሎት ዓቢ ፍናንን መትከል መምሃራን ተማሃሮን 3ይ ክፍሊ ዝበጽሑ ተመሃራይ ናይ ግድን ቛንቛ እንግሊዝ ክጽሕፍን ከንብብን ኣለዎ ዝብልœዩ ነይሩ።

### ህሉው ኩነታት እዛ ቤት ትምህርቲ

መባ/ቤ/ት/ደ/ቁ ጀገርትኣብ ፍርቂ ዘበን ከቢድን ኣድካሚን ታሪኽ ኣሕሊፋ እንሆ ሎሚ ልዕሊ እንተ ኣብ ማእከል ከተማ ዝተሃንጻ ኣብያተ ትምህርቲ ጸብለል ኢላ ኽትርኣ በቂዓ ኣላ። እዚ ድማ ብሓያል ተበግሶ ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ሰበኻ ኣሥመራን ብክምስገን ዝግብኦ ሓያል ኒሕን ሓቦን ሕዝቢ እዚ ከባቢንœዩ። ትሕተ ቅርጺ ቤት ትምህርትና እንተ ረኣና ብ3 ብሎክ ዝተሃንጹ 8 ክፍልታት 2 መምበሪ 1 ሽቓቕ ደረጃኣ ካብ መባእታ ናብ ማእከላይ ደረጃ ተሳጊራ ሜዳ ስፖርት ወኒና ብዝሒ መምሃራን 10 ብሶራር 24 ሰዓት ዝሰርሕ ብርሃን ንኩሉ ግዜ ስንድውቲ ኣብ ትስፍው ደረጃ በጺሓ ትርከብ።

### መደምደምታ

መ/ቤ/ት/ደ/ቁ/ጀ እንሆ ሎሚ መበል 58 ዕድሚኣ ዛዚማ ናብ መበል 59 ዕድሚኣ ትግስግስ ኣላ። ኣብ ውሽጢ ኣብዘን 58 ዓመታት ግና ን15 ዓመት መግዛእቲ ብዝፈጠሮ ነውጺን ዕግርግር ተዓጺያ ጸኒሓ። ስለዚ ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሓለፉ ዓመታት ብልክዕ እንተርኢና 44 ዓመታት እየን ኣብዘን 44 ዓመታት ድማ ልዕሊ 10,560 ዝኾኑ ዜጋታት ካብ ምጥፋእ መሃይምነት ኽሳብ ብማስተርስ ዲግሪ ዝተመረቑ ንሕዝቦምን ሃገሮምን ብእምነት ዘገልግሉ ኣብነታውያን ዜጋታት ኣፍርያ፣ ንሕዝቢ እግዚኣብሔር ዝኣሰዩ ዝምዕዱ፣ ዝምህሩ ሊቃውንቲ ዝፈረየት ጥንታዊትን ኣብነታዊትን ቤት ትምህርቲ እያ።

ጀገርተኣብ ብዘይካœዚ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎት፣ ቅድሚ ሎሚœውን መስመር ማይ፣ ብናይ ጸሓይ ዝሰርሕ ብርሃን፣ ጽገና ጽርግያን ብቤተክርስቲያን ዝተገብረላ ዓዲœያ።



# ዜናን ንጥፈታትን ርእሰ ኤጳርቅና

### ዓመታዊ ጉባኤ ካቶሊካውያን ምእመናን

ቤት ምኽሪ ካቶሊካውያን ምእመናን ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ፣ እቲ በብዓመቱ ዝገብሮ ጉባኤ ሎም ዘመንœውን ዓርቢ 1 መስከረም 2017 ዓ.ም ብህየንተ ጳጳስ ክቡር ኣባ ከሰተ ገብረዮሓንስ ዝምራሕ መስዋዕተ ቅዳሴ ዝጀመረ፣ ንሸመንተ ሰዓታት ዝቐጸለ፣ ካብ መላእ ርእሰ ኤጳርቅና ዝመጹ ሊቀ ካህናት፣ ቆሞሳት፣ ኣባላት ቤት ምኽሪ ምእመናን መንበረ ሊቀካህናትን ቁምስናዊ ቤት ምኽሪ ምእመናንን፣ ወከልቲ ምእመናን ቁምስናታት መንፈሳውያን ማኅበራት ካልኦት ዕዱማትን ዝተሳተፍዎ ዓመታዊ ጉባኤኡ ብጸሎትን ኣስተምህሮን፣ ጸብጻባትን ሓባራዊ ዘተን ኣብ መካነ መንበር ደብረ ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ኣካይዱ።

ንግሆ ኣብ መስዋዕተ ቅዳሴ ክቡር ኣባ ከሰተ እዚ ዕለትœዚ ኣብዚ ዓመተ ምሉእ እንታይ ክንገብር ነይሩና? እንታይከ ኣፍሪና፣ ቢልና ርእሰና እንፍትሽሉ ዓወታትናን ድኽመታትናን ገምጊምና፣ በቲ ጽቡቕ ንኣምላኽ እነመስግነሉ፣ ነቲ ድኽመታትና ከኣ እንእርመሉ ዕለት ናይ ኩላትና በዓል ኢዩ፣ ኢሎም። ናብቲ ዘንበብዎ ንባብ ቅዱስ ወንጌል ተመሊሶም ከኣ ብዛዕባ ኢየሱስ ሓቀይና ጉንዲ ወይኒ ምኻኑ ዝገልጽ ክፋል ጠቂሶም፣ ኦም ዝልምልም፣ ዝዕንብብ፣ ዝፈሪ ኣብቲ ጉንዲ ወይኒ ጸኒዑ እንተሎ ኢዩ። ኢየሱስ ከኣ በዚ ልሙድ ምስ ዕለታዊ ሕይወትና ዝተሓሓዝ ኣምሳላዊ መግለጺ ገይሩ እቲ ጉንዲ ወይኒ ኣነ ኢየ፣ ጨናፍር ከኣ ንሰኻትኩም ኢኹም፣ እቲ ኣባይ ዚነብር ኣነውን ኣብኡ፣ ንሱ እዩ ብዙኅ ፍረ ዚፈሪ፣ ምኽንያቱ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ክትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ኣባይ ዘይነብር ዘበለ
ከም ጨንፈር ንወፃኢ ተደርብዩ ይነቅጽ ኣኪቦም ድማ ናብ ሓዊ ይድርብይዎ እሞ ይነድድ፣ ይብለና። እቲ ምስጢር ብዙሕ ፍረን



ዓወትን ኣብ ቃሉ ምሕላውን ኣብኡ ምጽናዕን ኢዩ ዘሎ። ቅዱስ ጳውሎስœውን ንሕና ኣምባሳደራት ክርስቶስ ኢና፣ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ፣ ኣካላት ክርስቶስ ኢና፣ ይብለና። እዚ ከኣ ብፍርሓት ክንሰክሞ ዘሎና ሓላፍነት ኢዩ። ቅዱስ ኣጐስጢኖስ ብወገኑ ክርስቲያን ጥራሕ ዘይኮናስ፣ ክርስቶስ ስለ ዝኾንና ንተሓጐስ፣ ይብል። እንተኾነ ሓጐስና ፍርሓትን ኣድናቆትን ዝመልኦ ሓጐስ ይኹን። ምእንቲœዚ ኣነ ሕይወት ዘለዎ ጨንፈር ኮይነዶ እነብር ኣለኹ፣ ኣምባሳደር ክርስቶስ ኮይነዶ እመላለስ ኣለኹ? እናበልና ንርእሰና ክንፍትሽ፣ ነፍሲወከፍ ኣብ ሕልናኡ ኣትዩ ክምርምር ይግባእ። በዚ ከኣ ብሓዲስ መንፈስ ንበገስ ክብሉ ቃለ እግዚኣሔር ኣስሚዮም።

ድሕሪ ቁርሲ ኣብ ኣዳራሽ ኣብ ዝተኻየደ መደብ ከኣ ህየንተ ሊቀጳጳስ ኣባ ከሰተ ገ/ዮሓንስ ንተሳተፍቲ እንቛዕ ድሓን መጻእኩም ቢሎም ንዕላማ እቲ ጉባኤ ኣመልኪቶም ፣ሓፈሻዊ ኩነታት ርእሰ ሰበኻና ከመይ ኣሎ ክንግምግም፣ ንዘሎ ጽቡቕ እወንታዊ ጎድንታት ክንቕጽሎ፣ ንድኽመታትና ከኣ ክንእርም፣ ጸብጻብ ቁምስናታት ብምስማዕ ከኣ ንዝያዳ ስብከተ ወንጌል ክንብገስ እምነትና ከነሐይል እንዕጠቐሉ ጉባኤ ኢዩ እሞ፣ ብሩኽ መዓልቲ ይግበረልና ኢሎም። ሲዒቡ ንመንፈሳውን ማኅበራውን ሕይወት ቁምስናታት ዝርኢ ጥርኑፍ ርእሰ ሰበኻዊ ጸብጻባት ተሰሚዑ። ኣብ ልዕሊ እቲ ዝቐረበ ጸብጻባት ከኣ ካልእ ተወሳኺ ንሕይወትን ኣካይዳን ምእመናን ዝምልከት ሓሳባት ርእቶታትን ካብ ተሳተፍቲ ቀሪቡ። ኣብ ናይ ዘተ መደብ ከኣ ኣብ ልዕሊ እቲ ቤት ምኽሪ ዘበገሶ ንጉስነት መንእሰያት፣ ጉዳይ ሕዉስ

ቃል ኪዳን፣ ወለንታዊ ኣገልግሎት ቤተክርስቲያን ብመንጽር ግቡእነትን ጽቡቕ ድሌትን፣ ጉዳይ ናይ ሓዘንን ቀብርን ጸኒሕ ልማድን ክእረም ዝግባእ ኣገባባትን ዝምልከት ሓሳባት በብኣርእስቱ



ብሓባር ተዘትየሉን ለበዋታት ተመሓላሊፉሉን። ድሕሪ ዘድሊ መብርህን ሓባራዊ ዘተን ምርድዳእን ከኣ እቲ መደብ ብጸሎት ተዛዚሙ።

### ሰሚናር
### ትምህርትን እምነትን ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ንመንእሰያት

ቅ.መጽሓፍ ዝኣመነን ዝተጠምቀን ክድኅን ኢዩ፣ ይብል፣ ንሕና ግን ሕጻናት ነጠምቕ፣ ሕጻንዶ ይኣምን ኢዩ?
ኢየሱስ ሓንሳእን ንሓዋሩን ተሰዊዑልና ከብቕዕ፣ ሎሚ ዕለት ዕለት መስዋዕተ ቅዳሴ እንታይ የድሊ?
ኢየሱስ እዚ ንዝኽረይ ግበርዎ፣ ስለዝበለ ቅዱስ ቁርባን ናይ ዝኽሪ ምልክት እምበር ከመይ ቢሉœዩ ሕያው ሥጋን ደምን ኢየሱስ ዝኸውን?
ዝተወስነ ጸሎት ስለዘብጻሕካ ከመይ ገይርካ ስሬት ኃጢኣት ትረክብ? ኣብ ቅዱስ መጽሓፍከ ኣበይœሎ?
ርእሰ ሊቃነጳጳሳት ሰብ ክነሶም ከመይ ቢሎም ኢዮም ዘይጋገዩ?
እዝን ካልእ ሕቶታትን ዝምልስ መንእሰያት ትምህርቲ ቤተክርስቲያኖም ዝፈልጥሉን ሕቶታቶም ዘቕርብሉን ብካቶሊካዊ ምንቅስቃስ ተሓድሶ ዝተሰናደወ መደብ ኣብ ቁምስና ደብረ መድኃኔዓለም (ገጀረት) ካብ ዕለት 4 ክሳዕ 8 መስከረም 2017 ሓሙሽተ ኣስተምህሮታት ተዋሂቡ።

እቲ ኣብዚ ሰሙን ዝተዋህቦ ኣስተምህሮታት ጥምቀት ሕጻናት፣ ብኣባ እስቲፋኖስ ሕላፉ፣ (ኮምቦኒ) መስዋዕተ ቅዳሴ፣ ብኣባ ማስያስ ኣርኣያ (ደንቦስኮ)፣ ቅዱስ ቁርባን፣ ብኣባ ቶማስ ነጋሽ (ካህን ርእሰ ሰበኻ ኣሥመራ)፣ ስሬት- ኃጢኣትን ንስሓ ቦታን ብኣባ ተወልደ መብራህቱ፣ ር.ሊ. ጳጳስሳት ጌጋ ካብ ምምሃር ዝተሓለዉ ምኻኖም ሓው ስዩም ፍስሃየ፣ (ተራዳእያን) ነበሩ።

ቅድሚ ሎሚœውን ንቅድስቲ ድንግል ማርያም ንኣማላድነት ቅዱሳን፣ ኑዛዜ ንስእልን ምስልን፣ ንቅዱስ መጽሓፍን ቤተክርስቲያን ዝምልከት ተመሳሳሊ መደብ ኣብ ሚያዝያ 2017 ቀሪቡ ከምዝነበረ ዝዝከር ኢዩ፣ እዚ መንእሰያትን ዓበይትን ብብዝሒ ዝተሳተፍዎ መደብ ተሳተፍቲ በቲ ዝቐረበ ኣስተምህሮታት ዕግበቶም ገሊጾም፣ ብቀጻሊ ተመሳሳሊ መደብ ክስራዕœውን ተላብዮም።